
# ታሪኻዊ ንጥፈታት ትምህርቲ ኣብ ማርያ ጸላም



ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ኣስማጥ

## ገርግስ ፍቓድ ድራር

## ከረን

ታሪኽና ንምድህሳስ፡ ንምስናድ ወይ ንምዝንታው በብእዋኑ ብዝተፈላለያ ኣሃዱታት ተወዲቡ ናብ ቦታታት ታሪኽን ገድልን ዑደት ይግበር። እዚ ድማ ክተባባዕ ዝግበኦ'ዩ። ሓደ ካብቲ ዑደታት፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ኣብ ግንባር ሓልሓልን ደጀን ናይቲ ግንባርን ዝነበረ ማርያ ጸላም ዝተገብረ ነይሩ። ጋዜጠኛ ገርጊስ ፍቓድ ድራር ድማ፡ ኣመሰራርታን ምዕባለን ትምህርቲ ኣብ ማርያ ጸላም ዝምልከት ጽሑፍ ናብ ዓምዲ "ካብ ታሪኽ ሰውራና" ሰዲዱልና ኣሎ። ንሎሚ ቀዳማይ ክፋሉ ናባኹም ነብሎ፤ ኣብ ሰውራ ብህ.ግ. ቀንዲ መበገሲ ትምህርቲ ዝነበረ "ሰብን መሬትን በብቑሩብ ሓራ ምግባር" ዝብል ተልእኾን ዕላማን ውድብ ንምትግባር እዩ። ናይ'ቲ መስርሕ ኣተገባብራ ስትራተጂ ከኣ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን እዩ ነይሩ። ነዚ ሸቶ'ዚ ንምዕዋትን ንምውሓስን፡ ትምህርቲ ከም መሳርሕን ኣሳላጥን ኣብ ቀዳምነታት ይስራዕ። መሃይምነት ዘየጥፈአ ሕብረተሰብ ኣብ ንጥፈታት ምንቃሕ፡ ምውዳብን ካልእ ሰውራዊ ዕማማትን ብኣድማዕነት ክሳተፍ ኣሸጋሪ እዩ።

ስለዚ፡ ጉዳይ ትምህርቲ ብዕቱብነት ዝተታሕዘን ብግብሪ ዝተሰርሓሉን፡ ይጽንሓለይ ዘይበሃሎ ዕጥቂ ሰውራ እዩ ነይሩ። ናይ መጀመርያ ቤት ትምህርቲ ህ.ግ. ኣብ 1976 ኣብ ሳሕል ዝተኸፍተ ቤ/ት/ሰውራ እዩ። ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ ዘዳልዉ ክኢላታት ተመዚዞም ብቛንቋታት ትግርኛን ትግረን እዩ ጀሚሩ። ትምህርቲ ብቛንቋ ትግረ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ'ኳ እንተ ጀመረ፡ ኣብ ህዝቢ ብግብርን ብዝሰፍሐን ግን ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ሰንሒት (ማርያ፡ ጸላም) እዩ ፈሊሙ። ሕብረተሰብ ማርያ ከም መብዛሕትኡ ርሑቕ ገጠራት

ሃገርና ካብቶም ብመግዛእቲ ዝተወጽዑ ግዳያት እዩ። ኣብ ማርያ ምስ ምምጻእ ህ.ግ. ኣብቲ ከባቢ፡ ካብ መጀመርያ 1980ታት ዝጀመረ እዩ። እቲ ትምህርቲ ብጠለብ ሓፋሽ ውዱባት ዝነበሩ ኣቦታት ማሕሙድ ግሌዋይ፡ ኣቶ ዓባስን ኣቶ መሓመድ ስዒድን ንወደብቲ ኣባላት ጀማሂር "ደቅና ኣብዚ ስንጭሮታት ምሳኹም ኮፍ ኢሎም ካብ ዝውዕሉስ ዘይትምህሩልና" ድሕሪ ምባሎም ዝተበገሰ እዩ። ትምህርቲ ንምጅማር ክሕሰብ እንከሎ፡ ኣብቲ ከባቢ ንተመሃሮ ዝኸውን ጥራዝ፡ ቢሮ፡ ርሳስ፡ ... ዝበሃል መሳለጥያ ትምህርቲ፡ ኣብ ዓዲ ይኹን ኣብ ዕዳጋ'ውን ዝርከብ ኣይነበረን። ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ እቲ ትምህርቲ ክጅመር እንከሎ ምናልባት 4 — 5 ቈልዑ እዮም ክኾኑ ዝኽእሉ ዝብል ግምት'ኳ እንተ ነበረ፡ ካብ ትጽቢት ወጻኢ እቲ ብዝሒ ተማሃሮ ሓደ ክፍሊ ዝመልእ ኮይኑ። ንመምሃሪ ቦታ ከኣ፡ ኣጋጣሚ ሓንቲ ብሓረግ ዝተሸፈነት ጽቡቕ ጽላል ዝነበራ ገረብ ከም መምሃሪ ክፍሊ ተመዲባ። ትምህርቲ ይጀመር ተባሂሉ ጥራዝን ርሳስን ግን፡ ካበይ ይረኽብ? - ግድል ኰይኑ።

ኣብቲ ከባቢ ዝነበረት ናይ ሓይልታት ጋንታ ንሓገዝ ምስ ተሓተተት፡ ብምቕሉልነት "ንሕና ዘለና ከነበርክት ንኽእል ኢና" ብምባል ሓርፋፍ ወረቐት መዐሸጊ ጸባ 3ይ ዓለም ዓጻጺፎም ብምቝራጽ ከም ጥራዝ፡ ካብ ሳሕል ዘምጽእዎ ርሳስ ከኣ ኣብ ከክንዲ ኣጻብዕቲ ኢድ ዝኸውን ስብርባር ናይ ቢሮታት ብምእታው ሂቦም። ጀማሂር ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝመጽኡ ኣብ መበል ሳልሳይ ወርሖም ኣብ መጨረሻ ዓመተ 1980 ዝፈለመ መደብ ትምህርቲ ኣጀማምራኡ ኣዝዩ ስሉጥን ቅልጡፍን እዩ ዝነበረ። ጕዳይ ናይ መምህራን'ውን፡ ካብቶም ኣባላት ጀማሂር መሃይምነት ዘጥፈአ ኩሉ ብትግርኛ "መባእታዊ ፊደላት 'ሀ ሁ . . . ' ዚፈልጥ ይኹን ብዓረብ 'ኣሌፍ ባእ . . .' ዝፈልጥ ዘበለ እቲ ዝፈልጦ ይምሃር ተባሂሉ ብዘይ ውጥን ትምህርትን ተመኵሮን ብሰናይ ድልየት ጥራይ እዩ ተበጊሱ።

እዚ ትስፉው ኣጀማምራ እዚ ከኣ፡ ኣብ ትምህርቲ ንዘሎ ተገዳስነትን ጽምእን ስለ ዘንጸባረቐ፡ ትምህርቲ ንኽኽፈት ብደረጃ ውድብ መጽናዕቲ ይገበር ተባሂሉ። ብመሰረት'ቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ከኣ፡ ኣብ 5 ከባቢታት እምበልዳይ፡ መዳቐ፡ ጃኒ፡ ኣስማጥ ዓዳይ፡ ሃውሸን ኣስማጥን ትምህርቲ ክኽፈት ይከኣል'ዩ ተባሂሉ ተገምጊሙ። ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተላኢኹ ነቲ መጽናዕቲ ዘካየደ ስዉእ መም. መስፍን ተኽለ (ወዲ ባሻይ) ንሳሕል ምስ ተመልሰ ከይደንጐዩ 8 መምህራን መጺኦም ኣስማጥን ሃውሸን ብሓደ ስለ ዝተጸንበራ ከኣ፡ እቲ ትምህርቲ ኣብ 4 ቦታታት በብክልተ መምህራን ተጀሚሩ። ኣብቲ መጀመርያ እዋናት ደቂ ኣንስትዮ ህጻናት ኣብ ትምህርቲ ከም ዝሳተፉ ንምግባር ቁሩብ ዕንቅፋታት'ኳ እንተ ነበረ ቀጺሉ ብዝተገብረ ጽዑቕ ጐስጓስ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ በሪኹ ክልቲኡ ጾታታት ብማዕረ ከም ዝሳተፍ ተገይሩ። ከምቲ

ቅልጡፍን ስሉጥን ኣጀማምራኡ ምዕባለ ትምህርቲ ጽቡቕ ገስጋስ ኣርእዩ። እተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ነንሓድሕደን ብባህልን ካልእ ኣካዳምያዊ፡ ስነ ጥበባውን ስፖርታውን ንጥፈታት ክወዳደራ ጀሚረን።



ብቤት ትምህርቲ ሰውራ ተመዲቦም ካብ ዝመጽኡ መምህራን መጀመርያ መምህር ኣብረሀት ገብረ ምስ ካልኣያ መምህር ኢያሱ፡ ኣብ ጃኒ እዮም ጀሚሮም። ኣብቲ እዋን'ቲ ጃኒ ዕሙር ጫካ ስለ ዝነበረ ንመምሃሪ ዝተዳለወ ክፍሊ ብዘይምንባሩ እቲ መስርሕ ምምሃር ዝሓሸ ጽላል ዘለዋ ገረብ መሪጽካ እዩ ዝትግበር ነይሩ። መምህራን ካብታ ዝመጽኡላ ዕለት ንጽባሒቱ ብቐጥታ ስርሖም ክጅምሩ እንከለዉ ዝጸንሖም ጠቕላላ ቊጽሪ ተመሃሮ 25 ኰይኑ፡ ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ እዮም ነይሮም። ኣብ ዓድታት ብዝተገብረ ጐስጓስን ግብራዊ ውጽኢት ትምህርቲ ብምርኣይን፡ ኣብ ሓጺር እዋን እቲ ቝጽሪ ብዕጽፍታት ወሲኹ ክፍልታት ደረጃ ትምህርቲ'ውን፡ ስለ ዝዓበየ ብዳሳት ቤት ትምህርቲ ተሃኒጹ ኣብ ዓመተ 1981 ስሩዕ ትምህርቲ ቀጺሉ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ማርያ፡ ኣብ ጃኒ ንመጀመርያ እዋን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ተጸንቢራ ትምህርቲ ዝጀመረት ጓል ኣንስተይቲ ተመሃሪት 'ሓሊማ መሓመድ' እትበሃል እያ። ንዓኣ ተኸቲለን ካልኦት'ውን፡ እናተተባብዓን እናተጸንበራን ስለ ዝኸዳ፡ እቲ ቝጽሪ ጾታ ብማዕረ ተሳታፍነት እዩ ቀጺሉ። በቲ ዝግበር ዝነበረ ናይ ኣባላት ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር) ጐስጓስን ምንቕቓሕን፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ናይ ብሩህ መጻኢ ራእይን ዕላማን ስለ ዝኣመነ እዩ ደቁ እናተሸገሩ ጸኒዖም ክመሃሩ ኣዕጢቑ፡ ኣውፊሩን ኣተባቢዑን። እቲ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ማእከላት ካብቲ ኣባላት ሓይልታት ዝርከቡሉ ቦታታት ኣብ ዝተፈናተተ ራሕቂ ብምድኳኑ፡ ስግኣታት ናይ ተጻባእቲ ወገናት ዘየቕስን ስለ ዝነበረ ነፍሲ ወከፍ መምህር ንነፍሱን ተመሃሮኡን ክሕሉ ብረቱ (ከላሺን) ተሓንጊጡ እዩ ዝምህር ዝነበረ። ኣብቲ ምጅማር ካብ ዝነበሩ ዓበይቲ ብድሆታት ሓደ፡ ህዝቢ ብቛንቋ ኣደ (ትግረ) ምምሃር ዘይምቕባሉ እዩ።


ሓደ ህጻን ብቛንቋ ኣዲኡ ክመሃር ስነ-ፍልጠታውን ኣድማዕን ፍቱን ኣገባብ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ሰብኣዊ መሰል'ውን እዩ። እቲ ህዝቢ ካብ ዘይምርዳእ ዝብገስን ናይ ገለ ተጻባእቲ ሽርሒታትን ተሓዊስዎ፡ "ቋንቋ ትግረ ካብ ማርያ ሓሊፉ ኣበይ ከበጽሕ ይኽእል? ትምህርቲ ከምቲ ናይ ቁርኣን ብዓረብ ወይ ካልእ ቋንቋ ዘይከውን..." ዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ ነይሩ። ሓላፊት ኣብያተ ትምህርቲ ማርያ ዝነበረት መምህር ጸጋ ጋይም (ጓል ሻምበል) ደጋጊማ ከም ዝገለጸቶ፡ ኣብቲ ከባቢ ገስጋስ ትምህርቲ ይኹን ንጥፈታት ምውዳብ ዕዉት ንክኸውን ዓቢ ኣበርክቶ ካብ ዝገበሩ ረቛሒታት ብቐዳምነት ዝጥቀስ ናይ'ቲ ዞባን ግንባርን ሓላፊ ህዝባዊ ምምሕዳር ዝነበረ ምኵርን ክኢላን ገዲም ተጋዳላይ ዓብደላ ሙሳ እዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ጥበባዊ፡ ምቕሉልን ብሱልን ኣእማኒ ኣቀራርባኡ፡ ተወላዲ'ቲ ከባቢ ብምንባሩ በቲ ሕብረተሰብ ልዑል ተቐባልነትን ክብርን ዝወሃቦ ስለ ዝነበረ ተልእኾ ውድብ ብብቕዓትን ኣድማዕነትን የተግብር ነይሩ። ጉዳይ ኣገዳስነት ብቛንቋ ኣደ ምምሃር ብመምህራንን ኣባላት ጀማሂርን ብዝተገብረ ውሁድን ጽዑቕን ጐስጓስ እቲ ህዝቢ ንረብሓኡ ምኳኑ ክቕበሎን ክኣምነሉን ክኢሉ። ብግብሪ ኸኣ፡ ዘዝተማህሩ ደቆም ብቛንቋ ኣዲኦም ክጽሕፉን ከንብቡን ስለ ዝረኣዩ ብልጫታቱ ኣሚኖምሉ። ካልእ በዳሂ ዝነበረ ጉዳይ፡ ስነ-ምምህርናዊ መዳይ ሞያውነት መምህራን እዩ። ብቋንቋ ኣደ ምምሃር ፖሊሲ ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ መን የተግብሮ፧ ዝብል ሕቶ ግን ዓቢ ግድል እዩ ኮይኑ። ኣብቲ እዋን'ቲ ብቋንቋ ትግረ ክምህሩ ዝኽእሉ መምህራን ኣይተረኽቡን። እቶም ብቤት ትምህርቲ ሰውራ ተመዲቦም ኣብቲ ከባቢ ከምህሩ ዝተላእኩ መምህራን'ውን ክልተ ዓይነት እዮም ነይሮም። ገሊኦም ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ዘለዎምን ቋንቋ ትግረ ዘይክእሉን፡ ገሊኦም ከኣ ኣዝዩ ትሑት ደረጃ ትምህርቲ ዘለዎምን ቋንቋ ትግረ ዝመልኩን እዮም ዝነበሩ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ ካብቶም ሽዑ ዝተመደቡ መምህራን ትግረ ናይ ሎሚ ህቡብ ስነ ጥበባውን ደራስን መምህር መሓመድስዒድ ዑስማን ደረጃ ትምህርቱ 2ይ ክፍሊ እዩ ነይሩ። መምህር መሓመድስዒድ ብቓሉ ከም ዝመስከሮ ከኣ፡ "ኣነ ደረጃ ትምህርተይ ንምምህርና ብቑዕ ኣይኰነን። ሰዓት ክንደይ ኣሎ ተባሂለ'ውን፡ ክምልስ ስለ ዘይክእል ከመይ ገይረ ክምህር?" ብምባል ክቃወም'ኳ እንተ ፈተነ፡ "በ ቡ ... እተን ፊደላት ጥራይ'ውን፡ ትፈልጥ እንተ ኼንካ ፊደላት በ ቡ ትምህር!" ተባሂሉ እዩ ተመዲቡ። እቶም ካልኦት'ውን፡ መባእታዊ ናይ ስነ-ምምህርና ስልጠና ተዋሂብዎም ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተላእኩ መምህራን ትግረ ብዕድመ ንኣሽቱ መሳቱ እቶም ተመሃሮ፡ ደረጃ ትምህርቶም'ውን ካብ 4ይ ክፍሊ ንታሕቲ እዩ ነይሩ። ደሓር ግን፡ ኣብኡ እናመሃሩን እናተማህሩን ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ዛዚሞም። ኣብቲ እዋን'ቲ መድረኻዊት ጭርሖ ህዝባዊ ግንባርን ቤት ትምህርቲ ሰውራን ዝነበረት ብተግባር ከኣ፡ ዝተሰርሓላን ዘፍረየትን፡ "ዝተማህረ ይምሃር፡ ዘይተማህረ ይመሃር!" እትብል'ያ ነይራ። በዚ መሰረት እቲ ብዙሕ

ዝፈልጥ ነቲ ውሑድ ዝፈልጥ ይምህር፡ እቲ ውሑድ ዝፈልጥ ከኣ፡ ነቲ ዘይፈልጥ (መሃይምነት ዘየጥፍአ) ይምህር - ኩሉ በብዓቕሙ ይህብን ይቕበልን።

ሎሚ ማዕረ ተወላዶን ክኢላታት ቋንቋ ትግረን፡ ተወዳዳሪ ብቕዓትን ምልከት ቋንቋን ካብ ዘጥረያ ሓንቲ ሲስተር ይርጋኣለም ውቤ እያ። ንሳ ኣብ ኣስማጥ (ኣስነዳ) ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ብሓውሲ ዋዛን ቁምነገርን ኣብ ዘቕረበቶ ተዘክሮታት ተመክሮኣ፡ ቋንቋ ዘይምፍላጥ ዝፈጠሮ ጸገማትን ንዕኡ ንምብዳህ ዝተኻየደ ጻዕርን ውጽኢቱን ብምግላጽ ንኣደታት ማርያ ስለ'ቲ ምቕሉል ኣበርክቶኣን ኣመስጊና። ብመንጽር ቋንቋ ክረአ ከሎ እቶም ተመሃሮ ንባዕሎም መምህራን ናይ መምህራኖም እዮም ነይሮም። መብዛሕቶም እቶም መምህራን ካብቶም ተመሃሮኦም እዮም ቋንቋ ትግረ ተማሂሮም። ኣብ ዓይነታት ትምህርቲ ስነ-ፍልጠት፡ ቁጽሪ፡ ስፖርትን ካልእን መምህራን ብተመሃሮ እናተኣረሙ'ዮም ቋንቋ መሊኾምን ምሂሮምሉን። ተበግሶን ድልየትን እንተ ሃሊዩ ዘይድየብ እምባ የለን። መብዛሕቶም ነበርቲ ከባቢ ግንባር ሓልሓል ተዛረብቲ ቋንቋ ትግረ ስለ ዝነበሩ፡ እቶም ናይ መጀመርያ መምህራን ቤ/ት ሰውራ ኣብ ኣስማጥ (ምድረ ማርያ) ክመጽኡ ከለዉ፥ ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተዳለወ ስርዓተ-ትምህርቲ (curriculum) ቋንቋ ትግረ፡ ሓደ ባኮ ኩርሽን ሓደ ሰሌዳን ጥራይ ሒዞም ብምምጻእ ኣብ ወርሒ መጋቢት 1981 እቲ ወግዓዊ ትምህርቲ ተጀሚሩ። ከም ርዱእ ኣብ ዘመነ-ሰውራ ጥጡሕ መነባብሮ ይኹን ድልው መሳለጥያታት ስለ ዘይነበረ፡ ኩሉ ወተሃደራዊ ይኹን ማሕበራዊ ንጥፈታት፡ ኣብ ከባቢኻ ክትረኽቦ ብእትኽእል ነገራት ተጣቢብካ እቲ የዋጽእ'ዩ ዝተባህለ ኣማራጺ ተጠቒምካ'ዩ ዝትግበር ነይሩ።

በዚ መሰረት ነቶም ተመሃሮ ዘገልግል ክፍልታት ስለ ዘይነበረ እቲ ዝሓሸ ዝተባህለ ጽላል ኣግራብን ብዓትን መሪጽካ ተመሃሮ ከኣ ኣብ መሬት ወይ ኣእማን ኮፍ ከም ዝብሉ ብምግባር እዮም ዝምህሩ ዝነበሩ። እቲ ኣብ ኣርባዕተ ቦታታት ዝጀመረ ኣብያተ ትምህርቲ ነፍሲ ወከፍ ወካሊ፡ ማእከላይ ቦታ'ዩ እናተባህለ ብመጽናዕቲ ዝተወሰነ'ኳ እንተ ነበረ እቲ ህዝቢ ኣብ ፈቖዶ ዝተበታተነ ቍሸታት ይነብር ብምንባሩ፡ ብዙሓት ህጻናት ተመሃሮ ብራሕቂ ቦታ ይሸገሩ ነይሮም። ገለ ገለ ተመሃሮ መንገዲ 3 ሰዓታት፡ መዓልታዊ ኣብ ምምጻእን ምምላስን ብድምር ናይ 6 ሰዓታት ጉዕዞ እግሪ ነይሩዎም። እዚ ምስቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝጸንሕዎ 4 ሰዓታት ወሲኽካ መዓልታዊ ንስለ ትምህርቲ ኣስታት 10 ሰዓታትን ልዕሊኡን ይተሓዙ ስለ ዝነበሩ ምስቲ ዕድመኦም ኣነጻጺርና እንተ ርኢናዮ፡ ዋላ ድልየት ይንበር እቲ ሃልክን ብድሆን ቀሊል ኣይነበረን። መምህራን ሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታዊ ሓበሬታን ኵነታትን ተመሃሮኦም ብደቒቕ ይከታተሉን ይፈልጡን ስለ ዝነበሩ እንታይ ጸገማት የጋጥሞም፤ ንምንታይ ይሓምቁን ይደኽሙን? ምስ ወለዲ ተመሃሮን ካልኦትን

ብኸመይ ይረዳድኡን ውጽኢታዊ ስራሕ ይሰርሑን ብግብሪ ተመኲሮምሉ እዮም። እቲ ሰውራዊ ባህሪ ዝፈጠሮ ፍቕሪ ሓድሕድ፡ ተወፋይነትን ዕቱብ ኣተሓሕዛን፡ ጥቡቕ ዝምድና ተመሃሮን መምህራንን፡ መስርሕ ትምህርቲ ኣብቲ ከባቢ ተፈታውን ተበሃግን ኰይኑ እዩ ቀጺሉን ብኣድማዕነት ኣፍርዩን። ሱፐርቫይዘር ወይ ርእሰ-መምህር ኢልካ ብደረጃ ሓላፍነት ዝግደብ ስራሕ ኣይነበረን። ንባዕላ ሓላፊት ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ሰንሒት (ግንባር ሓልሓል) ዝነበረት ተጋ/ ጺጋ ጋይም ከም ሱፐርቫይዘር ኰይና ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ እናዞረት ኣገባብ ኣመሃህራ ተሰልጥን፡ ከም ዳይረክተር ተመሓድር፡ መምህር ኣብ ዝጎደለሉ ከኣ ከም ተራ መምህር ኰይና ተምህር ነይራ። እቲ ንጥፈታት ትምህርቲ ብሰውራዊ ስነ-ምግባርን ሞራልን፡ ብዘለካ ሰብኣዊ ጸጋን ዓቕሚ ደረጃ ትምህርትን ዝመቓራሕ ተመላላኢ እዩ ዚነበረ። ዝከኣልን ዘይከኣልን ብምባል ዝጕናደብ ግዜን ስራሕን ኣይነበረን። ኩሉ ብዝከኣሎ መጠን ተወፍዩ ዓዓቕሙ የበርክት።



ርእሰ-ምርኰሳ'ውን ሓደ ካብ ዕላማታትን መምርሒታትን ውድብ ስለ ዝነበረ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ባዕለን ምሂረን እየን ኣብ ሓጺር እዋን ተካእቲ መምህራን ኣፍርየን። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ማርያ ብዘይካ'ቲ ስሩዕ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ዝተፈላለየ ውዱብ ንጥፈታት ክለባት፡ ስነ ጥበብ፡ ባህሊ፡ ስፖርት፡ ስእልን ካልእን ስለ ዝነበረ ሕላገት ዝገደፈ ተዘካሪ ፍርያትን ስነ ጥበባውያንን ኣፍርዩ። ክሳብ ሎሚ ከም ጕጅለ ባህሊ ቦርዲን ኣስማጥ እትፍለጥ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ዞባ ዓንሰባን ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤክስፖን ልዑል ኣበርክቶ እትገብር ያታዊት ጕጅለ ባህሊ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ዝተመስረተት እያ። ናይ'ቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ከም ባህሊ ምሸት-ምሸት ነቶም ኣብ ትምህርቲ ዝወዓሉ ደቁ ናይ ምዕላልን ጽን ኢልካ ምስማዕን ልምዲ ነይሩዎ። እቶም ቈልዑ ከኣ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ሓበሬታ ስነ-ፍልጠት ይኹን ንጥዕና ዝምልከት ኣርእስታትን ምውጋድ ጐዳኢ ልምድታትን ዝኣመሰለ ትምህርታዊ

ሓበሬታታት ብተዘዋዋሪ ናብ ስድራቤታት ስለ ዘብጽሕዎ ኣብቲ ናይ ምንቅቃሕ ስራሕ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ኣድማዒ ተራ ነይሩዎም።

ንጥፈታትን ውድድራትን ስፖርት ብዝምልከት ከኣ፡ ብፍሉይነት ክጥቀስ ዝግብኦ ዋላ ኣብ ምዕቡል ከተማታትን ምቹእ ትሕተ ቅርጽን ዝነበሮ ቦታታት ዘይነበረ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ከባቢ ኣስማጥ (ማርያ) ኣወዳትን ኣዋልድን ብዘይ ናይ ጾታ ኣፈላላይ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ስፖርት ብሓባር ይሳተፉ ነይሮም። ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ከም ዝላን ጉያን ዝኣመሰለ ውድድራት ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ጸብለል ዝብላ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝነበራ'ውን ይዝከር። እተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ናይ መባእታ ደረጃ ዝተገደባ ስለ ዝነበራ፡ ቀጻልነት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ካልእ በዳሂ ጸገም እዩ ነይሩ። ኣብቲ መጀመርያ እዋናት 4ይ ክፍሊ ዝወድኡ ተመሃሮ ኣብ ናይ ሳሕል ቤት ትምህርቲ ሰውራ ይለኣኹ ብምንባሮም፡ ወለዶም ዘዝምሃርኩሞም ደቅና ንውትህድርና ክትወስድዎም ኢኹም ዝብል ጥርጣረን ስክፍታታትን ስለ ዝነበረ፡ ምትእምማን ንምፍጣር እቶም ቀዳሞት ጒጅለ ኲይኖም ብሓባር ንሳሕል ዝኸዱ ኩሎም ተማሂሮም ናብ ዓዶም ከም ዝምለሱ እዩ ተገይሩ። ድሒሩ ግን፡ እቲ ናይ ቀጻልነቶም ኵነታት ብኹሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብዕቱብ ተገምጊሙ ዝሓሸ ኣማራጽን ፍታሕን ዝኸውን ኣብቲ ከባቢኦም ናይ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ንክኽፈት ተወሲኑ። ቦርዲን ኣስማጥ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1984 ብ51 ደቂ ተባዕትዮን 2 ደቂ ኣንስትዮን ብድምር ብ53 ተመሃሮ ጀሚራ። በዚ መሰረት ካብ ኣርባዕቲኣን ኣብያተ ትምህርቲ 4ይ ክፍሊ ዝወድኡ ተመሃሮ ኣብቲ ቦርዲን 5ይን 6ይን ክፍሊ ከምዝመሃሩ ተገይሩ። እዛ ሎሚ ኣብ ኣሰነዳ ተደኲና ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዝኾኑ ናይ ማእከላይን ካልኣይ ደረጃን ተመሃሮ ሒዛ እትርከብ ታሪኻዊት "ቦርዲን ኣስማጥ" ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ኣብ ዝጸንከረ መድረኽ ቃልሲ ኣብ ዘይርጉእ ኵነታት ወራራትን ውግእን ዝተመስረተት እያ። እቲ ከባቢ ደጀን ሰውራ ብምንባሩ ኣብቲ ጥምየት ዘጋጠመሉ እዋናት 1984/85 ብምትሕብባር ማሕበር ረድኤት ኤርትራ (ERA) ብዝተዋህበ ሓገዝ ከምኡ'ውን፡ ኣብ ኣሃዱታት ሰራዊት እናኸዱ ተመሃሮ ምስ ሓይልታት ከም ዝምገቡ ይግበር ነይሩ። ኣብ ትሕቲ ዘየቋርጽ ከቢድ ደብዳብን ሂምታን መዳፍዕ ከቢድ ብረትን ነፈርትን ኬንካ ክትምህርን ክትመሃርን ዝፈጥሮ ሻቕሎትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጥን ቀሊል ኣይነበረን። ደብዳብ ነፈርቲ ክሕይልን ክጽዕቕን ከሎ ነቲ ቀዋሚ ቦታ ገዲፎም ብምግዓዝ ኣብ ትሕቲ በዓትታት ተዓቚቦም ይቕጽሉ። ቁሩብ ዝሕል ኣብ ዝበለሉ እዋናት ከኣ፡ ኣብቲ ልሙድ ጽላላትን ዳሳትን ተመሊሶም ይመሃሩ ነይሮም።

ሓንቲ ከም ኣብነት እትጥቀስ ዕላል ኣብቲ ብደብዳበን ድምጽን ነፈርቲ ኲናት ዝሸገሩሉ ዝነበሩ እዋን ሓላፊ ጀማሂር ኣብ ሓደ ሰሚናር፡ "እዘን ሎሚ

ዘሸቖርራኹም ዘለዋ ነፈርቲ ጽባሕ ድሕሪ ናጽነት ደቅኹም ክዝውሩወን እዮም። ደቅኹም ዶካትር መሃንድሳት ክኾኑ እዮም…” ዝብል ኣብቲ መድረኽ'ቲ ከም ሕልማዊ ምንዮት ክምሰል ዝኽእል ትንቢት ሎሚ ኣብ ግብሪ ተተርጒሙ ምህላዉ ዘደንቕ እዩ። እዚ ኸኣ ህያው ምስክር ቅያታት ሰውራ እዩ። ኣብቲ ጽንኩር እዋን ሰውራ፡ ተመሃሮ ኣብያተ ትምህርቲ ማርያ ዝነበሩ ሎሚ ኣብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ምምሕዳራውን ሞያውን ጽፍሕታት መንግስቲ ከም ሓለፍቲ ጨናፍር ሚ/ሪ ትምህርቲ ዞባታትን ን/ዞባታትን፡ ሱፐርቫይዘራትን ርእሰ መምህራንን፡ ኣመሓደርቲ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መሃንድሳት፡ ፓይሎት፡ ክኢላታት ሓካይም፡ ሓለፍቲ ቆንስላውን ህዝባውን ጉዳያት ከምኡ'ውን፡ ኣብ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ብደረጃ ሓለፍቲ ክፍልታት ተመዲቦም ንሃገሮምን ህዝቦምን ብብቕዓት የገልግሉ ኣለዉ። እዚ ድማ፡ እቲ ዘይሕለል ኣብ እዋን ሰውራ ዝጀመረ ንጥፈታት ትምህርቲ ናብ ዝለዓለ ምዕባለ ምድያቡ ክብርን መጎስን ንሰውራን መንግስትን ኤርትራ ዘብል'ዩ።

እዚ ኣብ ጽንኩር እዋን ምስቲ ኩሉ መሰናኽላት ሳላ ሰውራን ተወፋይነት ህዝቡን ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ትሕቲ መግሃር ኩናት ኲይኑ ደቂ ከምህር ዝተቓለሰ ህዝቢ፡ ሎሚ ኣብ መድረኽ ናጽነት ገስጋስ ትምህርቲ ካብቲ ዝጸንሐ መሰረት ብምብጋስ ብዕጽፍታት ዓብዩ ኣሎ። ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ትምህርቲ ከም ዘነጽሮ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣብ ዝርከባ 8 ምምሕዳር ከባቢታት ዳርጋ ኣብ ኩለን ጥርኑፋት ዓድታት ኣብያተ ትምህርቲ ተሃኒጹ ኣሎ። በዚ መሰረት ብደረጃ ንኡስ ዞባ ካብ መዋእለህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ እቲ ኣብ ዘበነ-ገድሊ 1981 ብ25 ተመሃሮ ዝፈለመ ንጥፈታት ትምህርቲማርያ ጸላም ሎሚ ብድምር ኣስታት 9,300 ተመሃሮ ከምኡ'ውን፡ ኣብ ምምሃርን ምምሕዳርን ንጥፈታት ትምህርቲ ዘገልግሉ 322 መምህራን ኣለዉ።

ሓዳስ ኤርትራ ነሓሰ 2025